# ንቕያ ድራር መኸተ! ኣዴታት ጋንታ-ፋሕ

ከተማ ዋሽንግቶን ዲሲን ከባቢኣን- 30 መጋቢት 2013

ኣዳራሽ ናቕፋ፣ ብሕብርታት ሰንደቕ ዓላማ: ብዝተፈላለየ ሃገራዊ ባህላዊ ቅርስታት ወቒቡ፣ ተሰላሊሙ፣ ንሓደ ዓቢን ኩቡርን ውራይ ድልዊ ኮይኑ። ኣዴታት ጋንታ ፋሕ ብወገነን፣ ሓደ ዝዓይነቱ ኣልባሳት፣ **"ንሱ ንሕና-ንሕና ድማ ንሱ"** ብእትብል ጥቕሲ ዝተቐለመ፣ ናይ'ቲ ጉሩም ፕረሲደንትና ስእሊ ዘለዎ ማልያ ለቢሰን እየን ንኩቡራት ኣጋይሽን ከሳስያ ቅሩባት ዝነበራ። ከም ወትሩ ምሉእ-ዘይጉዱል ትሕዝቶ ብውሕልነት እተዳለወ ሽሻይ መሊኡ ብዓይንኻ ዘጽግብ ልግሲ ኤርትራዊት ኣደ፣ እንታይ ከወጽ። እቲ ሕቶ፣ ነየናን ንኢድካ ነየናይ እንታይ ከም እትብል መግለጺ ቃላት ስለ እትስእኑ'ዩ እቲ ግድል።

ወርሓዊ ድራር መኸተ ጋንታ ኣዴታት ፋሕ ተርተኣን፣ ብኣጋጣሚ ምስ'ቲ ንመበል 25 ዓመቱ ዝጸንበለ ታሪኻዊ ስርሒት ምድምሳስ ናደው እዚ ስለ ዝወዓለ፣ ብተወሳኺ ድምቀትን ጽባቐን እተኾልዐ ምሸት እዩ ኔሩ። ኣብ'ቲ ታሪኻው ውዕሎ ኣካል ናይ'ቲ ቅያ፣ ኣብ'ቲ መሳዕ ጅግንነት ዝነበሩ ተጋደልትና፣ ብዛዕባ እቲ ዝነበረ ትእምርቲ ኣብ'ተን ንሳቶም ተመዲቦምለን ዝነበራ ሓይልታት ቅድሚ ርብዒ ዘመን እተፈጸመ ህያው ዝኽሪ፣ ከም'ዛ ትማሊ-ትማሊ እተፈጸመ፣ ብእርኑብ ዝርዝራዊ ኣቀራርባ ንተሳኣትፍቲ ተመክሮታቶም ኣካፊሎም። ንዝኽር ናይ'ቲ ቕያ እተዳለወት ምቁር ሕስቲ ድማ ብኢድ ሓላፊ ቆንስላዊ ጉዳያት ኣብ ኤምባሲ፣ ኣቶ ሳልሕ ዓብደላ ሳዓድ ተቖሪሳ።






ወርሓዊ ናይ ምትሕሑቛፍ ምሸት፣ ህዝቢ ብናፍቖት ዝጽበዮ፣ ዜጋታት እናተዘናግዑ ንቅዱስ ሃገራዊ ጉዳያት ብሓባር እሂን-ምህን ዘበሃልሉ ዕዙዝ መደብ እዩ። ስለ ዝኾነ ህዝብና ብሓፈሻ ኣዴታት መኸተ ድማ ብፍላይ ንዝሓለፈ ሰለስተ ዓመት መመላእታ ዘሐብን ኣበርክቶ እገብራ ኣለዋ። ኩሉ ዜጋ ነዚ ቅዱስ ዕላማ ክሳብ'ቲ ፍትሒ ዝረጋገጽ ኣብ ጎድኒ ህዝናን መንግስትናን ደው ኢሉ ክምክት ዘርእዮ ዘሎ ጥሙር መኸተ ድማ ነመጉስ።

ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ መኸተ ነዚ መደብ ዕዉት ክኸውን ኩሉ ዓይነት ኣበርክቶ ዝገበርኩም ምስጋና ተመሓላልፈ። ብሰላም ቀንዩ፣ ኣብ ዝመጽእ ግዜ ድራር ዘአንግዳ ኣዴታት ጋንታ ቤሉል ኮይነን፣ ብልክዕ ዕለቱ ክንሕብር ኢና።








ዓወት ንሓፋሽ!!

ህዝባዊ ርክባት ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ መኸተ፣ ዲሲን ከባቢኣን፣

3/30/2013